# ስርዓት ኢሳያስ፡ ናይ ህዝቢ መሬት ብምምንዛዕ፡ ንናይ ሰፈራ መደባቱ ኣብ ግብሪ ከውዕል ጀሚሩ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
18.04.2009

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ካብ መንደፈራ ክሳብ እምኒ ሓይሊ ዘሎ 15 ኪ.ሚ. ዝኸውን መሬት፡ ብዘይካ ጐቦታትን ጀራዲንን ካብ ዋናታቱ ዝኸሎ ሓረስቶት መንዚዑ፡ ባዕሉ ብዝመጽኣን ብዓሰርተታት ዝቑጸራ ትራክቶራት ክሓርሶ ጀሚሩ ኣሎ።

ህዝቢ፡ ሓሪሶም ዘንብሩና ደቅና ወሲድኩም፡ መሬትናን ካብ መሬትና ንረኽቦ ዝነበርና ማእቶትን ኣግዲፍኩም ከመይ ክንነብር ትደልዩና ኣለኹም? ንሕና፡ ኣብ'ዚ ኵሉ ዝሓለፈ መዋእላት ተሰዲድናን ለሚናን ኣይንፈልጥን። ጥሜትን ስደተን ምሳኹም ኢዩ መጺኡና ዝብል ተሪር ተቓውሞታት ኣስሚዑ። እቲ ስርዓት፡ ንተቓውሞ ናይ ህዝቢ ዝሃቦ መልሲ ድማ፡ እንተደሊኹም፡ ንባርካን ጋሽን ወሪድኩም፡ ኣብኡ ሕረሱ ዝብልን፤ ነቶም ነዚ ዘይተቐበሉን ብነድሪ ተቓውሞኦም ዘስምዑን ዜጋታት፡ ድማ፡ ኣብ'ተን ኣብየ ዓድታቶም ተመስሪተን ዘለዋ ኣብያተ-ማእሰርቲ እናዳጐነ ከፋራርሖምን ከጕባብዓሎምን ምላውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ፡ ንመንግስቲ እነስረክቦ ንብረት የብልናን ናይ ዝበሉ ነጋዶ ማዓጹ ደኾኩኖም ሰቢሩ ንብረቶም ክወርስን፤ ንመንእሰያት በስገዳድ ናብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ከሰልፍን ይርአ ምህላዉ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ከባቢ ይሕብሩ።